# ፫ይ ሰንበት ዘአስተርእዮ

## ጥሪ 26 2016 ዓ.ም. (2/4/2024)

**መዝሙር፡** ተወልደ ኢየሱስ በቤተልሔም ዘይሁዳ... ኢየሱስ ብዓቢ ክብሪ ካብ ድንግል አብ ቤተልሔም ዘይሁዳ ተወሊዱ፥ተወሊዱ ተጠሚቑ ብልደቱ ምእንቲ ክንሕጎስ ብግልጸቱ ደስ ክብለና ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 7፡32-35፥ 1ጴጥ 1፡13-22፥ ግ.ሓ. 19፡1-10፥ ማር 1፡21-28

**ምስባክ፡** አምጽኡ ለእግዚአብሔር በሓውርተ አሕዛብ፡ አምጽኡ ለእግዚአብሔር ክብረ ወስብሓተ፥ አምጽኡ ለእግዚአብሔር ስብሓተ ለስሙ። መዝ 29፡1-2።

**መጸዋዕታ አምላኽ፡**

አምላኽ ኩሉ ጊዜ ምስ ጸውዐ እዩ። አዳምን ሔዋንን ብኃጢአቶም ካብኡ ምስ ረሓቑ ባዕሉ እዩ እናጸውዐ ደልይዎም። ሎሚ እውን ንነፍሲ ወከፍና በብስምና ጠፊእና እንተሎና ይጽውዓና አሎ። አምላኽ ክፈጥረና እንከሎ አምሳሉ ገሩ ምስኡ ጥቡቕ ርክብ ዘሎና ገሩ ፈጢሩና። ካብ አምላኽ ምርሓቕ ወይ ምስ አምላኽ ርክብ ዘይምግባር ተፈጥሮና አይኮነን ነዚ ዘይንገብር እንተለና ገለ ጸገም አሎና ማለት እዩ። አምላኽ ይጽውዕ ሰብ ከአ ክምልስ ሕጊ ተፈጥሮና እዩ።

ናይ ሎሚ ንባባት ብዛዕባ መጸዋዕታ አምላኽ ይዛረቡ። መጸዋዕታ አምላኽ ንውሑዳት ዝምልከት አይኮነን፥ "አብዚ እዋን ጸዋዕታ የለን ወይ ውሒዱ" ዝብል ይስማዕ እንተ ኾነ እዚ አብሃህላ ጌጋ እዩ አምላኽ ኩሉ ጊዜ ምስ ጸውዐ እዩ። ነፍስወከፍንና ንፍሉይ ነገር ክንገብር፥ ንኻልኦት አብ ሕይወቶምን በቲ ፍሉይ ዝኾነ ህያባቶምን አብ ግራት አምላኽ ክዓዩ እንሕግዝ ዝተጸዋዕና ኢና። ጸጊሙና ዘሎ ጽን ምባል ከምኡ አምላኽ ክጽውዕ እንከሎ ድምጹ አለሊኻ ዘይምኽእል እዩ።

አብ መጽሓፍ ፩ሳሙኤል 3፡3-19 ዘሎ እንተ ርአና ሳሙኤል ንመጸዋዕታ አምላኽ አብ መጀመርያ ከለሊ ከም ዘይከአለ ነንብብ። አምላኽ ንሳሙኤል ብስሙ ጸዊዕዎ ንሱ ግን ዔሊ መምህሩ ዝጽውዖ ዘሎ መሲልዎ ደጋጊሙ ተመላሊሱ፥ ዔሊ ከይዱ ክድቅስ ነጊርዎ። ሳልሳይ ጊዜ ምስ መጸ ግን ዔሊ አለሊዩ ሕጂ ዝጽውዓካ እንተ ሰማዕካ "ባርያኻ ይሰምዕ አሎ እሞ አ እግዚአብሔር ተዛረብ በል" በሎ። አብ ራብዓይ ጊዜ እግዚአብሔር ምስ ጸውዐ ሳሙኤል ክሰምዕን ክምልስን ክኢሉ።

ካብኡ ንድሓር ሳሙኤል ዓበየ እግዚአብሔር ድማ ምስኡ ነበረ ካብ ዘረባኡ ወላ ሓንቲ እኳ አብ ምድሪ ትወድቕ አይነበረትን። ንሱ ኩሉ ጊዜ አምላኽ ክጽውዕ እንከሎ ክሰምዕ ተቐሪቡ ይነብር ነሩ። ነቲ ዝሰምዖ ኸአ አብ ካልኦት የመሓላልፎ ነሩ። ቃል አምላኽ ንርእስና ጥራሕ ሒዝናዮ ዝነብር አይኮነን ክመሓላለፍ ክዝርጋሕ አለዎ። ክርስትያናዊ እምነትና ንርእስና ጥራሕ ዓቝርናዮ ዝነብር አይኮነን አብ ካልኦት ከምዘለዎ ክነመሓላልፎ ግቡእና እዩ። ክንደይ እዮም ንአና ርእዮም እምነትና ክርእዩ ዝኽእሉ? ክንደይ ብግብርና ሕይወቶም ክቕይሩ ክኢሎም አለዉ? እዚ ነቲ ለቢስናዮ ዘሎና ሕይወት ክነብሮ ዝሕግዘና እዩ እንተ ዘይኮነ ከምቲ ብዓል ሓንቲ ምክሊት ሓቢኡ ዘቐመጠ ከምኡ እዩ ዘሎ ሕይወትና። አምላኽ እምብአር መጀመርያ ክንሰምዖ ድሕሪኡ ክንልአኾ ይደሊ እዩ፥ ሕጂ አድልዩ ዘሎ ነቲ ዝጽውዕ ዘሎ ክንሰምዕ እዩ።

አምላኽ ሕጂ አብዚአ ሰዓት ይጽውዓኒ አሎ፥ እሞ ብሓቂዶ እሰምዖ አሎኹ፥ እንታይከ እዩ ዝብለኒ ዘሎ ኢልና ንርእስና ክንርኢ ይግባእ። ብዙሓት አምላኽ ከምዝጽውዓኒ ዘሎ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል? ከመይ ኢለኸ ክምልሰሉ ይግብአኒ እናበሉ ዝሓቱ አለዉ።

ነዚ ክንምልስ ብቅልል ዝበለ መገዲ ክንርእዮ ሓጋዚ እዩ ማለት ሕይወት ብድምጺ አምላኽ ዝመልአ እዩ። ከም አቦ ዕለት ዕለት ንአገልግሎቱ ምሳና ይዛረብን ይጽውዓናን። አብ ገለ እዋን መንፈሳዊ ኃይሊ ክንሰምዓሉ እንኽእል ስለ ዝጎድለና ከይሰማዕናዮ ይሓልፈና። ከም ሳሙኤል

ክንሰምዕ ኩሉ ጊዜ ኣብቲ ልክዕ ቦታ ክንህሉ ይግባእና፥ ንርእስና ኸአ ክንሰምዕ ክፉት ገርና ክንጸንሕ ኣሎና። ወላ እኳ ኣብዚ ጫውጫውታ ዝመልአ ዓለም ንሃሉ ድምጺ ኣምላኽ ክንሰምዕ ይክኣል እዩ፥ ግን ካብ ዝኾነ ድምጺ ኣምላኽ ከይንሰምዕ ዝገብረና ክንጥንቀቕ ኣሎና። ከም ሳሙኤል “ጎይታይ ተዛረብ ባርያኽ ይሰምዕ ኣሎ” ክንብል ስንድዋት ክንከውን ኣሎና። ንርእስና ንኣምላኽ ክሰምዕ ጊዜ ኣሎኒዶ ኢልና ክንሓትት ኣሎና። ምእስ ኮን እየ ንኣምላኽ ክሰምዕ ሱቕ ኢለ ጽን ዝበልኩ? ንኣምላኽ ድምጹ ክንሰምዕ ጽን ክንብል ካብ ዝኾነ ዘደናግር ካልእ ድምጺ ክንጥንቐቕ ኣሎና። ብዙሕ ጊዜ ናብራ ዓለም ውሒጡና ግላውን ሓባራውን ነገራትና ውራያትና ትሑዛት ስለ ዝገበረና ንኣምላኽ ክንሰምዕ ጊዜ ዝሰእና ንመስል ኣሎና፥ ነዚ ኢና ሎሚ ክንቅይሮ እሞ ኣብ ልብና ክንምለስ ንሕተት ዘሎና።

### እንታይ ትደልዩ ኣሎኹም?

ናይ ሎሚ ወንጌል ብዛዕባ መጸዋዕታ እዩ፥ ኣጸቢቕና ክንርእዮ ከሎና ካልኣይ መጸዋዕታ እዩ፥ ማለት እዞም ክልተ ኣርድእቲ መጀመርያ ተኸተልቲ ዮሓንስ መጥመቕ እዮም ነሮም፥ ዮሓንስ እንሆ ይዋህ በግዕ እግዚኣብሔር እናበለ ኣብ ኢየሱስ ከም ዝሳገሩ ገርዎም። እቶም ኣርድእቲ ብዙሕ ከየስተውዓሉ ደድሕሪ ኢየሱስ ክስዕቡ ጀሚሮም። ኢየሱስ ዝስዕብዎ ርእዩ ግልጽ ኢሉ “እንታይ ትደልዩ” እናበለ ሓቲትዎም። ሎሚ እውን ነንፍሲ ወከፍና እንታይ ትደሊ/ትደልዪ እናበለ ይሓተና ኣሎ። ኣምላኽ እንታይ ይደሊ? ንሕና እንታይ ከምንደሊ ጠፊእዎ ዘይኮነ ካባና ክሰምዕ ይደሊ፥ ክንሓቶ ክንልምኖ ይደልየና “ከየቋረጽኩም ጸልዩ” ይብለና። ኣምላኽ ካባና ዘድልዮ ነገር የብሉን ንሕና ኢና እንደሊ፥ እምብኣር እንታይ እዩ እቲ ቀዳምነት ኣብ ሕይወትና እንህቦ ማለት ንኣምላኽ ብዝርእን ንኸማና ዝመስሉ ሰባት ብዝርእን።

ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና እንያት እዩ ኣብ ሕይወት ካብ ኣምላኽ እንደልዮ። መልሲ ክትህበሉ ቀሊል ሕቶ ኣይኮነን። ቀለዓለም ብዝመልኦ ወይ ኣምስሉ ኮንካ መልሲ እትህቦ ኣይኮነን ኣበይ ከምዘሎናን ከመይ ከምዘሎናን ክንምልስ ዝሕግዘና እዩ። መጠን ኩነታትን ነገራትን ኣብ ዝገጠሙሉ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃን እዋንን ክንምልሰሉ ዝግባእና ሕቶ እዩ።

### ንዑ ርአዩ!

እቶም ኣርድእቲ ነቲ ኢየሱስ ዝሓተቶም መልሲ ክንዲ ዝህቡ ኣበይ ኢኻ እትነብር ኢሎም ሓቲቶም። ብኻልእ ኣዘራርባ ሕትኦም መምህር ምንጪ ልቦናን ፍልጠትን ኣበይ ኢኻ እትነብር እዩ። ንቅ. ዮሓንስ “ምንባር” ዝብል ቃል ብዙሕ ጊዜ እዩ ዝጥቀመላ፥ “ኢየሱስ ኣበይ ኢኻ እትርከብ? ኣብይ እንተ ኸድና ኢና ክንረኽበካ እንኽእል፥ ኣበናይ ክልሊ ሕይወትና ኢና ምሳኻ ክንራኸብ እንኽእል? እዚ እንተ ኾነ መልስና ሕቶና ወይ ኣበሃህልና ንኢየሱስ ክንረክብ ክንፈልጥ ኣብ ጽቡቕ ኣንፈት ወይ መገዲ ኣሎና ማለት እዩ።

ኢየሱስ ንሕትኦም ክምልስ እንከሎ “ንዑ ርአዩ” ኢልዎም። ንኢየሱስ ምፍላጥን ኣበይ ከም ዝነብር ምርኣይን መጀመርያ ናይ ኣእምሮ ፍልጠት ጉዳይ ኣይኮነን። ናይ ሓበረታ ጉዳይ እውን ኣይኮነን። ኩሉ ትምህርተ መለኮት፥ ዓንቀጽ እምነት፥ ሞራላዊ ፍልጠት፥ ወይ እውን ከኢላ ብኩሉ ኣፍልጦ ብዛዕባ ትምህርቲ ቤተ ክርስትያንን ሕግታታን ኣይኮነን። ብሓጺሩ ናይ ምፍላጥ ጉዳይ ኣይኮነን። ፈሪሳውያን ነዚ ጽቡቕ ኣብነት እዮም ክኾኑና ዝኽእሉ።

ንኢየሱስ ምፍላጥ ክብሃል እንከሎ ናይ ተምክሮ ናይ ልምምድ ጉዳይ እዩ። ሓደ ንሓዲስ ትምህርቲ ቤተ ክርስትያን ብምልኡ ብርእሱ ከጽንዖ ይኽእል እዩ ግን ጌና ንኢየሱስ ዘይፈልጥ ክኸውን ይክኣል እዩ። ብትምህርቲ ወንጌል ንኢየሱስ ምፍላጥ ማለት ምድላዩ፥ ሃረር ምባልን ነቲ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ዝገጥም ነገራት ምስ ድለት ኣምላኽ መልሲ ሂብና ምኽኣል እዩ።

ንኢየሱስ ምፍላጥ ከስ ኣብ ትምህርቱ ኣብ ውሽጢ ትርጉሙ ምእታው እዩ፥ ወላ ኣብ ገለ እዋናት ዝገጥም ኩነታት ተጻይ ርድኢትናን ስምዒትናን ይኹን። ብዘይ ቅድመ ኩነት ንኣምላኽን ሰብን ምፍቃር፥ ምሒርካ ሓዲግካ ምኽኣል፥ ንካልኣይቲ ምዕጉርትኻ ሂብካ ምኽኣል፥ ዕለት ዕለት መስቀልካ ጾርካ ኣሰር ኢየሱስ ምስዓብ፥ ስደት ውርደት ብሰንኪ ተኸታሊ ክርስቶስ ብምዃንካ

ንዝመጽአካ ብትዕግስቲ ምቕባል እዩ። ንዓ እሞ ርአ እዚ እዩ እቲ መገዲ ክትከከዶ ዝግባእ ካልእ መገዲ የለን ንዝብል ሰሚዕካ ምኽአል።

**ናይ ክርስቶስ ተመክሮ ምስ ካልእ ተሳቲፍካ ምኽአል።**

እቶም ክልተ አርድእቲ ነቲ ዕድመ ተቐቢሎሞ። አብቲ ኢየሱስ ዝርከቦ ከይዶም ምሉእ መዓልቲ ምስኡ ውዒሎም አብ መወዳእታ ተቐይሮም ተሓዲሶም። ኢየሱስ መን ምዃኑ ክፈልጡ ክኢሎም። ሓደ ካብኦም እንድርያስ ሓዊ ጴጥሮስ እዩ ነሩ፥ ንሱ ተኸታሊ ኢየሱስ ጥራሕ አይኮነን ኮይኑ ክሰብኽ እውን ጀሚሩ። ነቲ ዝርአዮን ዝሰምዖን ንሓዉ ጴጥሮስ ነጊርዎ አብ ኢየሱስ ከአ ወሲድዎ። ንኢየሱስ እቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዛዕብኡ ዝዛረብ እቲ መስሕ ረኺብናዮ እናበለ ንሓዉ አብ መስሕ ወሲድዎ። ስምኦን ጴጥሮስ ተባሂሉ ተከታሊ ኮይኑ።

አብዚ ወንጌል እንርእዮ እቲ መጻኢ መራሕ ቤተ ክርስትያን ጴጥሮስ ብሓዉ እዩ ተጸዊዑ እምበር ብኢየሱስ አይኮነን ተጸዊዑ ዮሓንስ ወንጌላዊ ከምዝሕብሮ። ካልኦት ወንጌላውያን ግን ባዕሉ ኢየሱስ ከምዝጸውኦ እዮም ዝነግሩ።

**ንሰባት አብ ኢየሱስ አምጺእካ ምኽአል።**

አብ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ብዙሓት ቅዱሳት ብሰባት ተሓጊዞም እዮም አብ ቅድስናን አብ አፍልጦ አምላኽ ዝበጽሑ። ነፍስወከፍና ብሓደ ሰብ ተሓጊዝና ኢና አብ እምነት በጺሕና። ክርስትያን ምዃን ማለት እምብአር ንርእስኻን ንካልኦትን አብ ኢየሱስ አምጺእካ ምኽአል እዩ። ሰባት ርእሶም ርእዮም ከምዝኽእሉ ምግባር እሞ ሽዑ አብ ኢየሱስ ገጾም ጉዕዞ ከምዝጅምሩ ምግባር። ገለ ሰባት ስኣን ዘበግሶም ዝነግሮም አብ ጸልማት አብ ኃጢአት ዝነብሩ አለዉ ስለዚ ንሕና ኢና አብ ዘለውዎ ከድና አብ ኢየሱስ ክመጽኡ እንሕግዞም።

**አብ መወዳእታ ንርእስና ክንሓትት ይግብአና።**

- አምላኽ እንታይ ክገብር፥ እንታይ ክኸውን ሕጂ ሎሚ ይጽውዓኒ አሎ? ነቲ አምላኽ ክብለኒ ዝደሊ አብ ክሰምዓሉ ዝኽእል ኩነታት ድየ ዘሎኹ?
- መን አሎ ሎሚ አነ አብ ኢየሱስ ከምጽኦ ዝጽበየኒ ዘሎ?
- መን አሎ ነቲ ዕድመ አምላኽ “ንዓ ርአ” ዝብል ክሰምዕ ዝጸበ ዘሎ?

በዚ ብሩኽ ሰንበት እምብአር ንነፍሲ ወከፍና “ንዓ ርአ” እናበለ ይጽውዓና አሎ። ከከም ዓቕምናን ፍቓድናን ርእዩ ክልእኽ ንዑ ንዝብል ዘሎ አምላኽ ክንልእኾ ክንሰምዖ ፍቓደኞታት ንኹን። ምስ ሳሙኤል ኮና “ተዛረብ ጎይታይ ባርያኻ ይሰምዓካ/ትሰምዓካ አሎ/አላ ንበሎ። ነዚ የብቅዓና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ